ደስ ዝብል ዜና ቀዳም ስዑር!!

540 ዝኾኑ ተጋባእቲ ዋዕላ መንእሰያት-ህግደፍ (YPFDJ) ትማሊ ምሸት ልክዕ ሰዓት 8 ብፖሊስ ተኸቢቦም ካብቲ ናይ ኣኼባን መደቀሲን ሆተል (NH ዝተባሃለ) ብፖሊስ ተገዲዶም ለቒቖም ኣለዉ። ኣኼባ ኣቋርጹዎ ዝብል ትእዛዝ ብሓሙስ ምስተዋሃቦ ነዚ ጥሒሶም ዘይሕጋዊ ኣኼባ ገርና ኢሎም ክጀሃሩ ከምዝወዓሉ ምም/ከተማ ጭብጢ ሒዙ ስለዝኾነ ንሕስያ ኣይገበረሎምን - ዲፕሎማቶምን ካልኦትን ቪያ! ኢሉዎም። ከምቲ ዝግብኦም ንማፍያታትን እኩባት-ዕዋሉን (gangs) ዝግበር ኣተሓሕዛ ገይሩ እዩ ኣብ ማእከል ከተማ ጉሕፉዎም።

ስለዚ ሓደ'ውን ነፍሲ ከይተርፍ ብምባል፡ እቲ ምምሕዳር ፖሊስን ከተማን 6 ኣውቶቡሳት ተኻርዩ ኣዩ ካብቲ ቦታ ጉሒፉዎም። ሓደ'ውን ካብቶም ህግደፍ ኣብኡ ከይተርፍ!!

ከይሃድሙ ብቕድሚትን ብድሕሪትን ብፖሊስን ብድሩዓት መካይንን ገበነኛታት ዓጂቡ እዩ ጉሒፉዎም። ናይዚ ክሳራ 600-800 ሽሕ ኤውሮ ከምዝኾነን በዓሎም ክኸፍሉዎ ከምዘለዉን ድማ ህዝቢ እታ ከተማ ነቲ ከንቲባ የዘኻኽሮ ኣሎ። ብቕደሙ'ውን ብከመይ ተፈቒዱሎም ይብሎም ኣሎ ተቐማጢ'ቲ ከተማን ህዝቢ ሆላንድን።

ኣየርኢኻ! መንግስቲ ክዋረድ!! ኣየርኢኻ!

መኸዲ ዘይብሎም፡ ንሶምን ባልጃታቶምን ኣብ ጽርግያ! ንህደፍን ኢሳያስን ዝኣመነን፡ ማይ ዝሓቖነን ኮይኑ።